# በዓል ሱራፌላዊ ኣቦና
# ቅዱስ ፍራንቸስኮ በዓል ኣሲዚ
# (1182 - 1226)
# 4 ጥቅምቲ

ብሚልዮናት ዚቝጸሩ ኣባላት ደቂ ማኅበር ንኡሳን ኣኀዋት፡ ኣብ ገዳማትን ኣብ ዓለምን ዘለዉ ሰብኡትን ኣንስትን፡ ሎሚ ብሓጐስ ናይ ኣቦኦምን መሥራት ማኅበሮምን ክብረ በዓል የብዕሉ ኣለዉ። ምስ ፍራንቸስካዊ ሥድራ ኃቢሮም ከኣ ምእመናን ደቂ ቤተክርስትያን ጥራሕ ዘይኮኑስ፡ ብዙኃት ዘይኣምኑ እውን ከይተረፉ፡ ነዚ ውሩይን ኣደናቕን ዝኾነ ፍሉይ ሰብ ስለዜኽብርዎ እዛ መዓልቲ እዚኣ ይዝክርዋ።

ነፍሲ ቅዱስ ፍራንቸስኮ ካብ ማእሰርቲ ሥጋኣ ናጻ ዝወጸትላ ሰዓት ፀሓይ ዕራርቦ 3 መስከረም 1226 ኢዩ ነይሩ። ምስ ሞተ ካብዚ መጺኣን ካብ ዘይበሃል ቦታ ኣሻሓት ሎኻኹቶ ምድረ ሰማይ ክሳዕ ዚሸፍና ተኣኪበን ብድምጸን ነቲ ብሕይወቱ እንከሎ ብዛዕባ ክብሪ እግዚኣብሔር ዝዛረበን ዝነበረ ፍራንቸስኮ ኬኽብራኦ ብተኣምራት ተራእያ። ደቂ ማኅበሩ ንኡሳን ኣኀዋት እናበኸዩ፡ ኣብ ዙርያ ሬሳኡ ኮይኖም፡ ነቲ ክሳብ ሽዑ ፍራንቸስኮስ ብዓቢይ ጥንቃቌ ካብ ዓይኒ ሰብ ኪኽውሎ ዚጽዕር ዝነበረ፡ ኣምላኽ ኣብ ሥጋኡ ዜሕተሞ ቅንዋተ መስቀል፡ ብናጽነት ኪምልከቱ ከኣሉ። ምሉእ ለይቲ ሕዝቢ ኣሲዚ እናተበራረየ ብሓዘንን ብኽያትን፡ በቲ ሓደ ወገን ከኣ ኪበሃል ብዘይከኣል ዓቢይ ሓጐስን፡ ኣብ ዙርያ እቲ ሬሳ ነቒሖ ሓደረ።




እቲ "ሓጢኣተይና" ኢሉ ዚፍረም ዝነበረ፡ ንፍራንቸስኮ ኣብ መርሕነት ማኅበር ዝተክኦ ኃው ኤልያስ፡ ሞት ፍራንቸስኮስ ንምሉእ ማኅበር ኪእውጅ ኢሉ ሓደ "ዓዋዲ መልእኽቲ" ለኣኸ። ቀንዲ ትሕዝቶኡ ድማ ከምዚ ዚስዕብ ኢዩ፡

*"ኣኀዋተይን ደቀይን፡ ኣቦ ዘኽታማት ዝኾነ እግዚኣብሔር በቲ ቅዱስ ምጽንናዕ ኬጸናንዓኩም ኢዩ እሞ፡ ካብ መጠን ንላዕሊ ክትሓዝኑ ኣይደልን ኢየ። እንተደለኹም ከኣ ብናይ ገዛእ ርእስኹም ምኽንያት ደኣ ብኽዩ እምበር፡ ብናይ ፍራንቸስኮ ኢልኩም ኣይትብከዩ። ከመይ ንሕና ገና ብሕይወትና ዘሎና ናብ ሞት ገጽና ንጐዓዝ ኣሎና፡ ንሱ ግን ካብ ሞት ናብ ሕይወት ስለዝተሣገረ ተሓጒሱ፡ ከመይ ንሱስ፡ ከምቲ ያዕቆብ ዝገበሮ፡ ደቁ እናባረኸን እናመሓረን ኢዩ ሞይቱ። ሕጂ ከኣ ከምቲ መላእኽቲ ብመዓልቲ ልደት ዝገበርዎ፡ ኣነ እውን ዓቢይ ሓጐስ ከበሥረኩም፤ ኣብ ወልደ እግዚኣብሔር ክርስቶስ ጐይታ እንተዘይኮይኑ፡ ኣብ ካልእ ተሰሚዑ ዘይፈልጥ ድንቂ ነገር ... ኃውናን ኣቦናን ፍራንቸስኮ ቅድሚ ምማቱ ኣብ ሰውነቱ ማኅተም ቅንዋት ክርስቶስ ኣብ ሰውነቱ እናጸረ፡ ኣብ መስቀል ከምዝተሸንከረ ኮይኑ ይነብር ነበረ። ብሕይወቱ እንከሎ ዝርኣ ኣይነበሮን፡ ኣብ ገጹ ጽባቔ ኣይነበሮን፡ ዘይቈሰለ ክፍሊ ሰውነቱ ኣይነበሮን። ድኅሪ ሞቱ ግን ገጹ ከም ፀሓይ በርሀ። ...ደሪቑ ዝነበረ ሰውነቱ፡ ከም ሰውነት ሕጻን ኮነ . . .።*

*ስለዚ ኣጎዋተይ ኣብ ልዕሌና ምሕረቱ ኣውሪዱ ኢዩ እሞ፡ ንኣምላኽ ሰማይን ምድርን ባርኽዎ፡ ኣብ ቅድሚ ኩሎም ሰባት ድማ ዕቤቱ ኣውርዩ፡ ምእንቲ ክብርን ውዳሴን እቲ ኣብ ሞንጎ ሰንባትን መላእኽትን ክብ ዘበሎ ኣምላኽ፡ ዝኽሪ ኣቦናን ጎውናን ግበሩ . . . ኣምላኽ ንዓና እውን ተኻፈልቲ ቅዱስ ጸጋኡ ንምኳን ከብቕዓና ለምንዎ፣ ኣሜን።"*

ንጽባሒቱ፡ 4 ጥቕምቲ፡ ምስ ረፈደ ሬሳ ፍራንቸስኮ ብዓቢይ ዓጀብ ናብ ከተማ ኣሲዚ ተወስደ። ቤተ ክህነትን ሕዝብን እናዘመሩ፡ ሽምዓ ኣብሪሆም፡ ቈጽሊ ኣውሊዕ ሒዞም ኣሰነዩዎ። ወዮ ዑደት ድማ ክንዲ ብዝሓጸረ መንገዲ ናብ መቓብር ዚኸይድ፡ ኪያራን ኣጎዋታን እውን ነቲ ቅዱስ ስምብራት መስቀል ኪርእያኦንን ኪሳለማኦን ዕድል ኪረኽባ ተባሂሉ፡ ኣብ ዚነብራሉ ገዳም ቅዱስ ዳምያኖ ሓንሳእ ከምዚዕርፍ ተገብረ። ካብኡ ናብታ ፍራንቸስኮስ ዝተማህረላን ዲቁና ምስተቐበለ ንፈለማይ ጊዜ ዝሰበኸላን ቤተክርስትያን ቅዱስ ጊዮርጊስ ብጽሐ። ንጊዜኡ ድማ እቲ ሬሣ ኣብኡ ዓረፈ።



ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት፡ ማለት ብ16 ሓምለ 1228፡ ካርዲናል እንከለዉ ፈታዊኡን ኣመኻሪኡን ዝነበሩ፡ ደሓር ከኣ ር. ሊ. ጳጳሳት ጎርጎርዮስ 9ይ ዝኾኑ፡ ካርዲናል ኡጎሊኖ፡ ኣብ ኣሲዚ መጺኦም *"ብልቦም እናበኸዩን እናስተንተኑን፡ ብዙኅ ንብዓት ሓጕስን እናፍሰሱን"* (2 ቸላ 220) ቅድስና ፍራንቸስኮ ንምሉእ ሕዝበ ክርስትያን ኣወጁ። በዚ ከኣ እቲ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ እዚ ኣገልጋሊኡ ካብ መጀመርታ ዘርኣዮ ፍሉይ ፍቕሪ መሊሱ ተገልጸ።

"እቲ ርእሱ ዜትሕት ኪኸብር ኢዩ" (ማቴ 23፡12) ዝበሎ ቃል ኣምላኽ ኣብ ፍራንቸስኮ ተፈጺሙ ንረኽቦ። ታሪኽ ክርስትና ከምዚምስክሮ፡ ከም ፍራንቸስኮስ ገይሩ ነቲ ሎሚ ኣብ በዓሉ ዚንበብ ጥቕሲ ቅ. ወንጌል፡ "ኣነ የዋህን ትሑት ልብን ኢየ እሞ ካባ ተማሃሩ!" (ማቴ 11፡29) ዚተረዶኦ ብዙኅ ሰብ የልቦን። ስለዚ ኢያ ከኣ ቤተክርስትያን፡ *"ኣብዚ ክብረ በዓል ሱራፌላዊ ኣቦና ቅ. ፍራንቸስኮስ ኵላትና ብጒይታ ንተሓጐስ፡ ምሳና ከኣ መላእኽቲ ይተሓጐሱን ብኃባር ድማ ንወልደ እግዚኣብሔር ይወድስዎን ! ! !"* ኢላ እትዝመር።

ብሥራት ኃው ኤልያስ ክንርዳእ ዘይንኽእል ብኣኡ ድማ ልብና ኪትንከፍ እንተዘይኽኢሉ ግና፡ ናይ ሎሚ ክብረ በዓል ግዳማዊ ጥራይ ኰይኑ ኪተርፍ ኢዩ። ምሉእ ኅብረተ ሰብ ኢዩ ብናይ ፍራንቸስኮ ሓጐስን፡ ናጽነትን፡ ሰላምን፡ ዓለምለኻዊ ኅውነትን ዚድነቕ። ንዓና ደቁ እንበሃል ግና፡ እዚ ኣድናቖ ጥራይ እንተኣኺሉና ንሓና'ውን ካምኣቶም ድሩታት ኰይና ምተረፍና። ሰብ ሎሚ ፍራንቸስኮ እዚ ሽልማት ከመይ ጌሩ ከምዝረኸቦ ስለዚሥወሮም፡ ብኣድናቆት ይዕገቱ ኣለዉ። ንሳቶም ልክዕ ከምቲ ብፍሬ ኦም ተደኒቑ፡ ብሰራውሩን ብጒንዱን ከይተገደሰ፡ ነቲ ፍሬ ኬባዝኖ ዚደሊ ይመስሉ። ሰላምን፡ ሓጐስን፡ ነፃነትን፡ ፍቕርን ኣብ ፍራንቸስኮ ብዕድል ተኣኪቦም ኣይተረኽቡን፡ ወይ ናይ ተፈጥሮ ህያባት ዘይኮኑስ፡ በቲ ንሱ ባዕሉ "ኣብ ንስሓ ምእታው" ቢሉ ብዜጠቓልሎ፡ ብናይ ኅልና ውሳኔን ቈራጽነትን ዝተረኽቡ ውጽኢት ኢዮም። እቲ ፍራንቸስኮስ "ኣብ ንስሓ ብምእታው" ዚረኸቦ ፍርያምነት፡ እቲ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ኃጢኣት ብምእማን፡ ኣብ ንስሓ ኣቲና ናይ ንስሓ መንፈስ

ብምዝውታርን ጥራይ ከምዚርከብ ክንርዳእ ይሓግዘና። ሓዲስ ሰብ ኪኾውን ዚኽእል፡ እቲ ብሓቀኛ ንስሓ ወይ ለውጢ ዚሓልፍን ናይ ንስሓ ፍሬ ዚህብን ጥራሕ ከምዝኾነ ንክንርዳእ ባዕሉ ይለምነልና!!!

**ጸሎት፡** - ኦብፁዕ ኣቦ፡ ሱራፌላዊ ሙቐት ፍቕርኻ ኣብ ውሽጡ ተሰሚዑዎስ ንኻልኦት ኪኃትመሎም ዚኽእል መን'ዩ? ኣብ ቤተ እግዚኣብሔር ዝረኸብካዮ ምልኣት (ማለት ሓጐስ መንግሥተ ሰማያት) ነቶም ኣብዚ ምድሪዚ ዘሎና ደቅኻ ስጋዕ እትርስዕ ኣስኪሩካ ኢልና ኣይንኣምንን. . . ኦቅዱስ ኣቦ፡ ደድኅሪ ጣዕሚ ሽታኻ ምእንቲ ክንጐይስ፡ ናባኻ ሰሓበና፤ ክሳዕ ክንደይ ዝሑላትን ሃካያትን ምዉታትን ምኳና ትርኢ ኣሎኻ! ንኡስ መጓሰኻ እናፈርሐ ይኽተለካ ኣሎ፡ ድሙቕ ጩራ ፍጽምናኻ ግን ዓይኑ ይድጕሖ ኣሎ እሞ፡ ኦንፍጹማት ኣብነትን መስኰትን እትኾኖም ኣቦ፡ ከምቲ ናይ ሽዑ ሎሚ እውን መዓልትታትና ኣሓድሰልና፡ ብመብፅዓ ንዓኻ ንዚመሰሉ፡ ኣብ ሕይወቶም ካባኻ ዝተፈለዩ ኰይኖም ከይርከቡ ሓልዎም! (1 ቸላ 221)

